# Office of Labor Standards (OLS, ቤትጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ሲያትል) - ንዑቕበኛታትን ስደተኛታትን ዘለና ተገዳስነት

## OLS ናይ ዑቕበኛታትን ስደተኛታትን መሰላት ይጣበቕ

ቤት ጽሕፈት ደረጃታት ዕዮ ስያትል(OLS) ናይ ኩሎም ናይ ስያትል ሰራሕተኛታትን ኣብያተ ንግድን ደረጃታት ዕዮ ክብ ኣብ ምባል ከገልግል ብዕትበት ተተሓሒዞዎ ኣሎ። ኣብ መንጎ ስደተኛታትን ካልእት ዑቕበኛታትን፡ ናይ መሃያ ስርቒ ብብዝሒ ግኑን ብዓቢኡ ድማ ዘይሕበረሉ እዩ። OLS ንኹሎም ሰባት ናይ ታት ደረጅኦም ብዘየገድስ ናጻ ዝኾነ ኣገልግሎት ይህብ። እዚ ኣገልግሎታት ምምርማር ተኽእሎታት ግህሰት ደረጃታት ዕዮ፡፡ ንሰራሕተኛታትን ኣብያተ ንግድን ምብጻሕ፡ከምኡ'ውን ምንጪ ቀረባትን መወከሲታትን ምቕራብ የጠቓልል።

ኣብ ስያትል ንዝርከቡ ስደተኛታትን ንዑቕበኛታትን ዝኸውን ኣገዳሲ ሓበሬታ፡

- OLS ብዛዕባ ናይ ደረጃ ስደተኛነት ኣይሓትትን እዩ፡ ከ ናይ ደረጃ ስደተኛ ሰነዳት ኣይሓትትን እዩ ናይ ስደተኛታት ደረጃ መዝገብ ውን ኣይሕዝን'ዩ።
- OLS ናጻ ናይ ቋንቋ ምትርጓምን ምስትርጓምን ኣገልግሎታት ይህብ።
- OLS ኣብ ውሽጢ ከተማ ሲያትል ዝርከብ ክፍሊ እዩ፡ ካብ ፈደራላዊ መንግስቲ እተፈልየ እዩ።

ስያትል ሓንጎፋይ ኢላ እትቕበል ከተማ እያ፡ ምኽንያቱ ኣብ ምጽንባርን ፍትሕን ስለ እንኣምን። ናይ ከተማ ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ናይ ደረጃ ዜግነት ኣይሓቱን እዮም፡ ንኹሉ ተቐማጣይ ድማ ናይ ስደተኛ ደረጅኡ ብዘየገድስ የገልግልዎ። ስደተኛታትን ንዑቕበኛታትን ኣብዚ ሓንጎፋይ ኢልና ኢና እንቕበሎም።

## OLS ንመሰል ሰራሕተኛትታ ይሕሉ

ኣበይ ትነበር ብዘየገድስ፡ ኣብ ስያትል **ትሰርሕ** እንተ ድኣ ኴንካ፡ ናይ **ስራሕ ደረጃ መሰልካ ዘጠቓልሎ፡**

- ኣብ ስያትል ዘሎ ዝተሓተ ክፍሊት መሃያ ክትክፈል ዘለካ መሰል፥
- ናይ ነፍሲወከፍ ዝሰራሕካዮ ሰዓታት፡ ንኽትክፈል ዘለካ መሰል፥
- ንስኻ ወይ ካብ ኣባላት ስድራ ቤትካ ምስ ዝሓምም'ሞ ናብ ስራሕ ክትወፍር ምስ ዘይትኽእል፡ ንኽትክፈል ዘለካ መሰል፥
- ኣስራሒኻ መሰልካ ከም ዝግህሰካ እንተድኣ ኣሚንካ፡ ናብ OLS ክትጠርዕ ዘለካ መሰልን
- ናብ OLS ምስ እትጠርዕ ወይ ኣብ መርመራ ምስ እትሳተፍ፡ ስምካን ሓበሬታኻን ንኽዕቀበልካ ዘለካ መሰል።

810 Third Avenue, Suite 375, Seattle, WA 98104-1627
ቴሌፎን፡ (206) 256-5297፡ ፋክስ፡ (206) 684-3422፡ TYY (206) 684-4503፡ መርበብ ሓበሬታ http://www.seattle.gov/laborstandards
ናይ ማዕረ ዕድላት ስራሕተኛ። ስንክልናን ንዘልዎም ሰባትን ምምችቻእን ከምኡ'ውን ናይ ቋንቋ ምስትርጓም ኣገልግሎታት ብእትሓትዎ መጠን ክወሃበኩም እዩ።

## **OLS ንሰራሕተኛታት ሕነ ምፍዳይ ይከላኸለሎም**

ሕጊ ናይ ስተይት ንናይ ስራሕ ግህሰት ደረጃታት ዝጠርዑ ሰራሕተኛታት ካብ ሕነ ምፍዳይ ይከላኸለሎም። **ሓደ ኣስራሒ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ኣንጻር ስራተኛ ሕነ ከፈዲ ዝፍትን ዘይሕጋዊ እዩ፥**

- ሓደ ሰራሕተኛ ወይ ቤተ-ሰብ ናይ ሰራሕተኛ ዘይተሰነደ ምዃኑ ንሰብ መዚ ኢሚግረሽን ምሕባር ወይ ክሕብር እየ ኢልካ ምፍርራሕ፥
- ምስ ወኪላት መንግስቲ ናይ ሓሶት ዝኾነ ጸብጻባት ምምላእ ከምኡ'ውን
- ንሰራሕተኛ ካብ ስራሕ ምቍራጽ ወይ ካብ ደራጃ ሓላፍነት ምጉዳል።

ዋላ'ኳ OLS ሓደ ሰራሕተኛ መጺኡ ብዛዕባ ደረጃታት ስራሕ ዘለኩም መረረታት ስለ ዝነገርኩምና፣ እቲ ሰራሕተኛ ናይ ሕነ ምፍዳይ ነገራት ኣይቀርቦን እዩ ኢልካ ውሕስነት እንተዘይኣተና፣ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ናይ ሕነ ምፍዳይ ነገራት ዝገብሩ ኣስራሕቲ ናይ መቕጻዕትታት ስጉምቲ ንወስድ ኢና። **ዝኾነ ናይ ሕነ ምፍዳይ ተግባር ወይ ድማ ግህሰት ደረጃታት ስራሕ ምስ ዘጋጥመካ ወይ ድማ ብዛዕባ መሰላትካ ዝኾነ ሕቶታት ምስ ዝህልወካ፥ ንOLS በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ርኸቦም 206-256-5297፣** workers.laborstandards@seattle.gov **ወይ** http://www.seattle.gov/laborstandards/contact#workers**.**

**ብዛዕባ ምኽባር ደረጃታት ስራሕ ሕቶ ዘሎካ በዓል ንግዲ ምስ እትኸውን፥ ንOLS በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ርኸቦም፥ 206-256-5297 ወይ** business.laborstandards@seattle.gov.

OLS ንሰባት ኣብ ምርካብን ምስ ደረጃታት ስራሕ ዝተተሓሓዘ ደገፍ ኣብ ምቕራብን እውን ምስ ማሕበረ-ኮማትን ንግዳዊ ውድባትን ውዕል ይኣቱ። ምስ OLS ብቐጥታ ምርኻብ እንተድኣ ደስ ዘይበለካ፥ ንሓደ ካብ መሻርኽትና ረኺብካ ብዛዕባ መሰላትካን ግቡኣትካን ከተዘራርቦ ትኽእል ኢኻ።

## **ተወሰኽቲ ቀረባት**

*ኣብ ቦታ ስራሕ፥ ትግባረ ምብርታዕ ስደተኛታት ዝጸበዩ ዘለዉ፥ ሰራሕተኝታትን ንግድታትን፥*

- What to Do If Immigration Comes to your Workplace (ኣብ ትሰርሓሉ ቦታ ኣባላት ኢሚግረሽን እንተ መጺኻ እንታይ ትገብር?)

- (ብኢንሊዘኛ፥ ስፓኒሽ፥ ታይ፥ ኮርያን ቻይናን ዝርከብ) National Immigration Law Center ከምኡ'ውን National Employment Law Project (ሃገራዊ ሕጊ ፕሮጀክት ምቑጻር ስራሕ) ከምኡ'ውን
- ብላዕለዋይ ኣኽባር ሕጊ ናይ ዋሺንግተን ዝተዳለወ፥ ንትግባረ ሕጊ ኢሚግረሽን ዝምልከት መምርሒ ።

ንተቐበልቲ *DACA፥*

- ኣብ መርበብ ሓበሬታ DACA ናይ ከተማ ስያትል Office of Immigrant and Refugee Affairs (ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ስደተኛታትን ዑቕበኛታትን) መሰረታውን ናጻ ሓበሬታ ዘጠቓልል DACA (Deferred Action for Childhood Arrivals, ትግባረ ምንዋሕ ንመጻእተኛታት ህጻናት) ኣብ ውሽጥን ኣብ ከባብን ስያትል ዝካየድ ናይ ከተማ ማሕበረሰብ መሻርኽቲ ዝመደብዎ ናይ ሓገዝ መደባት የካይድ።
- Northwest Immigrant Rights Project (ኖርዝ ዊስት ፕሮጀክት መሰላት ዑቕበኛታት) ትግባረ ምንዋሕ ንመጻእተኛታት ህጻናት; ከምኡ'ውን
- ሃገራዊ ውድባት Here to Stay ናይ መርበብ ሓበሬታ መርከቢ ሓገዝቲ ግጻት ናይ ምኽሪ ክንክን ጥዕና ኣእምሮ ዘጠቓልል።

  ሕጋዊ ኣገልግሎታት

- ናይ ሲያትል ኪንግ ኣውራጃ መርበብ ሕጋዊ ተጣባቒ ስደተኛታት ነጻ ዝኾነ ሕጋዊ ምኽርታት ይህብ። ትሑት ኣታዊ ዘለካ፥ ኣብ ከተማ ሲያትል እትቕመጥ ወይ ኣብ ኣውራጃ ኪንግ እትቕመጥ ክትከውን ኣለካ ነዚ ሓገዛት ንኽትረክብ።

ብዛዕባ መሰላትካን ብዛዕባ ደረጃታት ስራሕ ስያትል ሕቶታት ምስ ዝህልወካ፡ ንOLS ኣብ workers.laborstandards@seattle.gov ርኸቦም ወይ ድማ 206-256-5297 ደውል።